# ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳ እንታይ ድዩ፧

**ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ እንታይ ድዩ፧**

- ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ ገለ ሓምቕ ነገር ተሞኪርካ እንተኾይንካ ይሕግዘካ እዩ።
- ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ ብዛዕባ እዚኦም ሕማቓት ፍጻሜታት ይዘራረበካ እዩ። በቲ ምዝራብ ሽዑ ብዝሓሸ ክስምዓካ ይኽእል። ኣንጻር ሕማቕ ዝኽሪ ዝኾኑ ከኒናታት የለውን።
- ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ ኪኢላን ሽርካ ዝርርብን ንዓኻ እዩ። ናይ መርገጽ ጽንሓትካ ውሳነታት ኣይገብርን እዩ።

**ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳ ከመይ ድዩ ዝካየድ፧**

- ጽቡቕ እንተዘይስምዓካ ኮይኑ ፍወሳ ክትገብር ትኽእል። ፍወሳ ወለንታዊ እዩ።
- ፍወሳ ክትፍትን ትኽእል ኢኻ። እቲ ፍወሳ ደስ እንተዘይበለካ ወይ ምስቲ ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ ጽቡቕ እንተዘይስምዓካ ነቲ ፍወሳ ዋላ ክትዛዝም ትኽእል ኢኻ።
- እንታይ ክትነግር ከምዝደለኻ እንታይ ክትነግር ከምዘይደለኻ ባዕልኻ ኢኻ ትውስን።
- ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ እቲ ዝነገርካዮ ዋላሓደ ሰብ ክነግር ኣይፍቐደሉን። ኩሉ ነገር ንዕኡ ክሕዝ ኣለዎ። ግዴታ ምስጢራውነት/ብሑትነት ኣለዎ።
- እቲ ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ ምስ ካብ መንበሪ ጉጅለኻ ዝመጽእ ኣላይካ ክዛረብ እዩ። ሽዑ እቲ ንኣላይካ ክነግሮ ዝፍቐደሉን ክነግሮ ዘይፍቐደሉን ብሓባር ክትሓስብሉ ኢኹም።
- እቲ ናይ ኣእምሮ ፍወሰኛ ጀርመንኛ ይዛረብ። እንድሕር ደሊኻ ኣተርጓማይ ክሕግዘካ እዩ። ንሱ ዋላ ግዴታ ምስጢራውነት/ብሑትነት ኣለዎ።
- ኣእምሮኣዊ ፍወሳ ኩሉ ሰሙን ንኣስታት ፍርቂ ዓመት ይውዕል።
- ኣእምሮኣዊ ፍወሳ ባዕልኻ ክትከፍል ኣየድልየካን። ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ወይ ቤትጽሕፈት መንእሰያት ክኸፍሉልካ።

ድሕሪ እቶም ዝርርባት ብዙሓት መንእሰያት ብዝሓሸ ክስምዖም፣ እንደገና ግዜ ምስ ኣዕሩኽ ክሕልፉ ደልዮም ከምኡ'ውን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ብዝሓሸ ክድህቡ ክኽእሉ እዮም።

© 2020፣ መንበረ ክሊኒካውን ተፈጥሮኣውን ስነ-ኣእምሮ፣ ካቶሊኽ ዩኒቨርሲቲ Eichstätt-Ingolstadt (http://tfkvt.ku.de)።